**ክፍለጥ ዘለዎ (ተለቒቑ ምስ ማሕበር ቆሎዑን መንእሰያትን ዝተሓዝ )**

እቲ ዝተሓጋገዘኒ ሰራሕተኛ ካብ'ዚ መጽናዕቲ'ዚ ካብ ዝርከብ ሓበሬታ ኪረክብ እፈቅድ/ኣይፈቅድን

ክታም....................................................

ስም ቆልዓ/መንእሰይ.................................

ዕለት.....................................................

(እዚ ተለቒቑ ምስ ማሕበር ቆልዑን መንእሰያትን ዝተሓዝ)

...................................................................
...................................................................
..................................................................

**ካብ ማሕበር ቆልዑን መንእሰያትን እንታይ ኪጽበ እኽእል፧**

**ብዝተኻእለና መጠን ቅኑዓትን ግልጽን ክንከውንን ነዚ መጽናዕቲ'ዚ ብቕኑዕ ኣእምሮ ከነካይዶን ኢና።**

ሓደ ሓደ ግዜ ብዛዕባ ደሕንነትካ/ኪ ኣዝዩ ዘገድስና/ዘተሓሳስበና ጉዳይ ኪህሉ ይኽእል እዩ። ይኹን'በር ንዓኻ/ኺ ካብ ዝኾነ ጎዳኢ ነገር ንምሕላው እቲ ብቐዳምነት ሰሪዕና ንሰርሓሉ ጉዳይ እዩ። እቲ ዝተሓጋገዘካ/ኪ ሰራሕተኛ ኪገልጸልካ/ኪ ስለዝኾነ ከኣ ከም'ዞም ዝተጠቕሱ ጉዳያት ምስ ዘጋጥሙ ኩሉ ግዜ ኪትፈልጥ/ጢ ኢኻ/ኺ።

ኩሉ ግዜ ንዓኻ/ኺ ንምሕጋዝ ዝከኣለና ዘበለ ነገር ክንገብር ኢና። ሓደ ሓደ ግዜ ብዙሓት ቆልዑን ስድራቤታትን ንሓገዝ ዝጽበዩ ኪህልዉ ስለ ዝኽእሉ ንኹሎም ጉዳያት ኣብ ሓደ እዋን ዘይክንሪኦ/ፈትሖ ንኽእል ኢና። እዚ ማለት ከኣ ነቲ ትደልዮ ሓገዝ ንምርካብ ንሓጺር ግዜ ኪትጽበ/ዪ ኣለካ/ኪ ማለት እዩ።

እዚ ጽሑፍ'ዚ ብኻልእ ቋንቋታት ወይ ብዓቢ /ፍሩይ ጽሑፍ ኣሎ። እንተደሊኻ/ኺ ብኽብረትካ/ኪ ነቲ ዝምልከቶ ሰራሕተኛ ሕተት ኢኻ/ኺ።

ስም ናይ'ዚ መጽናዕቲ'ዚ ዘካየደ ተሓጋጋዚ ሰራሕተኛ (Social worker)

...................................................................
...................................................................

ቤት ጽሕፈት

...................................................................
...................................................................

ቁ.ተሌፎን

...................................................................
...................................................................

**ቆልዑ** ሊድሰ

ማሕበር ኣለይቲ ቆልዑን መንእሰያትን LSS210

ቤት ምኽሪ ከተማ ሊድስ ማሕበር ቆልዑን መንእሰያትን

# ሓበሬታ ንቖልዑን መንእሰያትን

*መግለጺ ግምገማ/መጽናዕቲ*

መጽናዕቲ/ግምገማ ኪበሃል ከሎ ነቶም ምሳኻ/ኺ ወይ መነባብሮ ስድራ ቤትካ/ኪ ብጽቡቕ ዘይከዱ ነገራት ምሳኻ/ኺ ብሓባር ናይ ምርኣይ ብልሃት እዩ።

ክንሕግዝን ዘይክንሕግዝን ምዃንና ቅድሚ ምውሳንና ብዛዕባኻ/ኺን ስድራኻን/ኺን ሓበሬታ ክንረክብ ኣድላዪ እዩ። ንዚ ንምግባር ከኣ ምሳኻ/ኺ፣ ኣባል ስድራኻን/ኺን ካልኦት ንዓኻን/ኺን ንስድራኻን/ኺን ዝፈልጡ ኪኢላታትን ክንዘራረብን ትብልዎ ኪንሰምዕን ከድልየና እዩ።

**ስለምንታይ እዩ መጽናዕቲ ዝካየድ ዘሎ፧**

መጽናዕቲ (Assessment) ኣዝዩ ኣገዳሲ ክፍሊ ናይ'ቲ ምሳኻ/ኺ ንገብሮ ስራሕ እዩ። እንታይ ዓይነት ሓገዝ ከም ትደልን/ልዩን እቶም ነዚ ዓይነት ሓገዝ'ዚ ኪህቡ ዝኽእሉ ሰባት በዓል መን ከም ዝኾኑን ንምፍላጥ ብዛዕባ ኩነታት ስድራኻ/ኺ መጽናዕቲ ምግባር የድሊ።

እቲ ዝተሓጋገዘካ/ኪ ሰራሕተኛ ንዓኻ/ኺን ካልኦትን ድሕሪ ምዝርራብን ምስማዕን ነቲ ዝተባህለ ነገር ኪጽሕፎን ኪስንዶን እዩ። እቲ ዝጸሓፍ ነገር ከኣ ናትካ/ኪ ሓበሬታ/ሰነድ እዩ ተባሂሉ ኪጽዋዕ። ነዚ ሓበሬታ'ዚ/ሰነድ'ዚ ከኣ ከተንብቦ/ብዮ ትኽእል/ሊ ኢኻ/ኺ። በዛዕባ'ዚ ሓበሬታ'ዚ ንምሕታተ ከኣ ኪትጭነቐሉ/ቕሉ የብልካን/ኪን።

ርእይቶኻ/ኺ ኪስነደልካ/ኪ (ኪጸሓፈልካ/ኪ) ከኣ ይግብኣካ/ኪ እዩ።ቅዳሕ ናይ ገለ ሰነዳት ኪህልወካ/ኪ ትደሊ/ልዩ ትኽውን/ትኾኒ። እዚ ምስ ዝኸውን ነቲ ዝተሓጋገዘካ/ኪ ሰራሕተኛ ሕተቶ/ትዮ ኢኻ/ኺ።

ቤት ምኽሪ ከተማ ሊድስ

**እቲ ዝእከብ ሓበሬታ ብሚስጢር ዝተሓዝ ኮይኑ መሰረታዊ ሓበሬታ ንምፍላጥ ኣብ ዝድለየሉ እዋን'ውን እንተኾነ ናይ ሓበሬታ ምልውዋጥ ዝግበር ኣብ ውሽጢ ኣገልግሎት ቆልዑ ጥራይ እዩ።**

ነዚ ሓበሬታ'ዚ ካብ ኣገልግሎት ቆልዑ ወጻኢ ናይ ሓበሬታ ምልውዋጥ ኪንገብር እንተደሊና ፍቓድካ/ኪ ኪንሓትትን እቲ ሓበሬታ ናበይ ከም ዝኸይድን ክንሕብረካን/ኪን ኢና። እንተኾነ ግን ነቲ ሓበሬታኻ/ኺ ብዘይ ፍቓድካ/ኪ ኪንለዋወጠሉ ንግደደሉ እዋን ኪህሉ ይኽእል እዩ። እዚ ግና ሕጋውን ምኽንያታውን ምስ ዝኸውን ጥራይ እዩ። ነኣብነት ንዓኻ/ኺ ወይ ካልእ ቆልዓ ከቢድ ዝኾነ ሓደጋ ከምጽእ ከም ዝኽእል ዝእምት ሓበሬታ ምስ ዝህሉ።

**መግለጺ ብሕታውነት- ሕጊ ምዕቓብ ሓበሬታ 1998 (Data protection Act 1998)**

ንቤት ጽሕፈት ቆልዑ፣ ኣብያተ-ትምህርትን ስድራቤታትን ገለ ሓበሬታ ክንህብ ንግደድ ኢና። ይኹን'በር ኣስማት ቆልዑ/መንእሰያት ኣይንህብን ኢና። እዚ ሓበሬታ'ዚ ከኣ ንኣገልግሎት ቤት ምኽሪ ከተማ ሊድስን ስድራቤታትን ዘመሓይሽ እዩ። ንሳቶም ነዚ ሓበሬታ'ዚ ብኸመይ ኣገባብ ከም ዝጥቀምሉን ብዝበለጸ ኪትፈልጥ/ጢ እንተደሊኻ/ኺ ብኽብረትካ/ኪ ነቲ ዝተሓጋገዘካ/ኪ ሰራሕተኛ (Social worker) ሕተት/ቲ ኢኻ/ኺ። ወይ ከኣ ኣብዚ ዝስዕብ መርበብ ሓበሬታ ተወከስ/ሲ 'www.teachernet.gov.uk/management/ims/datamanagement/privacynotices'

**ኣብ ግዜ መጽናዕቲ/ግምገማ እንታይ ኪኸውን እዩ፧**

ማሕበር ኣለይቲ ቆልዑን መንእሰያትን (Children and Yound People Social Care) ናይ ምሕጋዝ ሕቶ ምስ ቀረበሎም እቲ ዝተሓጋገዘካ/ኪ ሰራሕተኛ ምሳኻ/ኺ ምናልባት ከኣ ምስ ካልኦት ኣባላት ስድራ ንሓደ ወይ ንሓያለ ግዜ ኪዘራረብ ከድልዮ እዩ።

ንሱ ከኣ ኣበ ትዘራረበሉ እዋን ተመቺእካ/ኪ ኪትገብሮ እዩ ዝደልየካ/ኪ። ስለዝኾነ ከኣ ነቶም ኣባላት ግምገማ ንመጀመርያ ጊዜ ኪትረኽቦም/ብዮም ከለኻ/ኺ ሓደ ሰብ ሒዝካ/ኪ ኪትመጽእ/ኢ ትኽእል/ሊ ኢኻ/ኺ። ሰብ ሒዝካ/ኪ ኪትመጽእ/ኢ እንተደሊኻ/ኺ ጸገም የብሉን። እንተኾነ ግን ነቲ ዝተሓጋገዘካ/ኪ ሰራሕተኛ ኪትሕብሮ ኣለካ/ኪ። ብተወሳኺ ንስድራኻ/ኺ ምስ ዝፈልጡ ከም ሓኪም፣ ናይ ጥዕና በጻሒ፣ መምህር ወይ ሰራሕተኛ መውዓሊ ሕጻናት ዝኣመሰሉ ሰባት'ውን ኪዘራረብ ኪደሊ እዩ። እዚ ምስ ዝኸውን ግና ካብ'ዞም ዝተጠቐሱ ሰባት ንመን ክንረክብ ከም ዘለናን ስለምንታይ ንገብሮ ከም ዘለናን ከነፍልጠካ/ኪ ኢና። በቲ ዝተሓጋገዘካ/ኪ ሰራሕተኛ ወይ ብዝኾነ ካልእ

ናይ'ቲ ግምገማ/መጽናዕቲ ኣባል ካብ ዝተዘርቡ ነገራት ዝኾነ ዘይተሰማማዕኻሉ/ኺሉ ነገር እንተ'ልዩ ሓሳብካ/ኪ ኪትገልጽን/ጺን ዘይተሰማማዕኻሉ/ኺሉ ምኽንያት ኪትነግርን/ሪን ዕድል ኪወሃበካ/ኪ እዩ።

ኩሉ'ቲ ዘድሊ ሓበሬታ ምስ ተኣከበን ኩሉ ሰብ ሓሳቡ ኪገልጽን ዘረባኡ ኪስማዕን ዕድል ምስ ረኸበን ሓላፊ ናይ'ቲ ዝተሓጋገዘካ/ኪ ሰራሕተኛ ሲዒቡ እንታይ ኪኸውን /ኪግበር ከም ዘለዎ ኪውስን እዩ። ከምዚ ዝስዕብ ከኣ ኪውስን ይኽእል፡

1. ክንሕግዘካ/ኪ ንኽእል ኢና። እቲ ውሳኔ እዚ ምስ ዝኸውን እንታይ ኪግበር ከም ዘልዎን መን ኪገብሮ ከም ዝኾነን ኪንገረካ/ኪ እዩ፣

2. ናይ መወዳእታ ውሳኔ ቅድሚ ምውሳዱ ተወሳኺ ሓበሬታ ከድሊ እዩ፣

3. ተወሳኺ ሓገዝ ኣየድልን እዩ። ወይ ከኣ ነዚ ኣገልግሎት'ዚ ብዝበለጸ ኪህቡ ዝኽእሉ ማሕበር ኣለይቲ ቆልዑን መንእሰያትን ኣይኮኑን።

ናይ'ቲ ግምገማ/መጽናዕቲ ውጽኢት ብዘየገድስ ብዛዕባኡ ኪትሕብር/ሪን ትሰማምዓሉን/ዕሉን ዘይትሰማምዓሉን/ዕሉን ምኽንካ/ኪ ሓሳብካ/ኪ ኪትገልጽ/ጺ መሰል ኣለካ/ኪ።

**እዚ ግምገማ/መጽናዕቲ'ዚ ክንደይ ግዜ ኪወስድ እዩ፧**

ማሕበር ኣለይቲ ቆልዑን መንእሰያትን ንስድራኻ/ኺ ንምሕጋዝ ድሕሪ ምሕታቶም እቲ ዝተሓጋገዘካ/ኪ ሰራሕተኛ ኣብ ውሽጢ 7 ናይ ስራሕ መዓልታት ዘሎ ጊዜ ናይ መጀመርያ መጽናዕቲ/ግምገማ ኪገብር እዩ። ድሕሪ'ዚ ብዛዕባ ስድራኻ/ኺ ጽቡቕ ርድኢት ኪህልወና ይኽእል'ሞ እንታይ ዓይነት ኣገልግሎት ከም ትደሊ/ልዪ ክንፈልጥ ንኽእል። ሓደ ሓደ ጊዜ ኣብ ውሽጢ 35 ናይ ስራሕ መዓልታት ክንውድኦ ዘለና ዋና ግምገማ (Core assessment) ተባሂሉ ዝጽዋዕ ብዛዕባኻ/ኺን ቤተሰብካን/ኪን ብዙሕ ሕቶታት ኪንሓትት ወይ ብዙሕ ሓበሬታ ክንወስድ ከድልየና ይኸውን። ንስኻ/ኺ ወይ ስድራኻ/ኺ እቲ ዝተባህለ ግምገማ /መጽናዕቲ ክሳብ ዝውዳእ ኪጸንሕ ዘይክእል ህጹጽ ሓግዝ እንተደሊኹም ግና ግምገማ ቅድሚ ምውዳኡ ሓገዝ ኪንገብረልኩም ንኽእል ኢና።

እቲ ዋና ግምገማ/መጽናዕቲ ምስ ተወደአ እንታይ ዓይነት ሓገዝ ከም ዘድልን ነዚ ሓገዝ'ዚ/ሓገዛት እዚኣቶም መን ኪገብሮም/ኪህቦም ከም ዝኾነን ዝገልጽ ውጥን ስራሕ ከነውጽእ ኪንውስን ኢና። እቲ ውጥን ከኣ ንስኻን/ኽን ኣባላት ስድራኻን/ኽን እንታይ ዓይነት ሓላፍነት ከም ዝህልወኩም ዝገልጽ እዩ።

**እንታይ ኪገብር እዩ ትጽቢት ዝግበረለይ፧**

ሓደ ሓደ ግዜ ስድራ ቤታት ባዕላተን ኪፈትሐኦ ዝኽእላ ጸገማት ኪህልወን ከም ዝኽእል ንፈልጥ ኢና። እቲ ንሕና ኪንሕግዘካ/ኪ ንኽእለሉ ዝበለጸ ኣማራጺ ግና ንሽግርካ/ኪ ብዝተኻእለ መጠን ብግልጽን ብቕንዕናን ኪትነግረና/ርና እንተኺኢልካ/ኪ እዩ። ብዛዕባ ጽቡቕ ነገር ናይ ስድራኻ/ኺ'ውን ኪትነግረና/ርና ንደሊ ኢና።

**ካበ ማሕበር ኣለይት ቆልዑን መንእሰያትን እንታይ ኪጽበ እኽእል፧**

ነቲ ትዛረቦ/ብዮ ኩሉ ብጽሞናን ብጥንቃቐን ንሰምዓካ/ኪ፣ ምኽሪ ንህበካ/ኪን ኣድላዪ ምስ ዝኸውን ከኣ ንዓኻን/ኺን ስድራኻን/ኺን ናይ ምሕጋዝ ኣገልግሎት ንህብ።

ምስ ባህልኻ/ኺ ፣ ሃይማኖትካን/ኪን ኣካለ-ስንክልናኻን/ኺን ኪሳነ ዝኽእል ሓገዝ/ደገፍ ኪንህበካ/ኪ ኪንፍትን ኢና።

ዝኾነ ዓይነት ባህሊ፣ ስንክልና ወይ ሃይማኖት ይሃልኻ/ኺ በዚ ነገር'ዚ ኣዩ.ክንመዝነካን/ከ ን ኣ ና።

**ርእይቶ።** ብኽብረትካ/ኪ ነዚ ቦታ'ዚ ነቲ ግምገማ/መጽናዕቲ ወይ ምልውዋጥ ሓበሬታ ናትካ/ኪ ብዝምልከት ዝኾነ ትዛረቦ/ብዮ ነገር ወይ ርእይቶ እንተልዩካ/ኪ ተጠቐመሉ/ምሉ።

................................................................................
................................................................................
................................................................................
................................................................................
................................................................................
................................................................................
................................................................................
................................................................................
................................................................................
................................................................................
................................................................................
................................................................................
................................................................................
................................................................................
................................................................................
................................................................................
................................................................................
................................................................................
................................................................................
................................................................................
................................................................................
................................................................................
................................................................................
.....................................

This document was created with Win2PDF available at http://www.win2pdf.com.
The unregistered version of Win2PDF is for evaluation or non-commercial use only.
This page will not be added after purchasing Win2PDF.